TRONDHEIM KOMMUNE
Tråanten tjïelte

# ቆልዓ ንምልምማድ ወለዲ ብንጥፈት ዝሳተፉዎ

**ቅድሚ ምጅማሩ:**

- እቲ ቆልዓን ወለዱን መዋእለ-ህጻናት ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ መጺኦም ንክበጽሑዎ ዕድመ ይሰደደሎም
- ዝርርብ ወለዲ
- ኣኼባ ወለዲ

**ወለዲ ዝሳተፉሉ ቆልዓ ዝለማመደሉ መዓልታት:**

**١ይን ٢ይን መዓልቲ:١**

- ኣብዘን መዓልታት ወለዲ ካብቲ ቆልዓ ኣይፍለዩን እዮም: ከምኡ'ውን ንውላዶም ምሉእ ሓላፍነት ይስከሙሉ
- ሰቲ ቆልዓ ብቐረባ ዝራኸቡ ሰራሕተኛታት(Kontaktpersonene) ምስቲ ቆልዓን ወለዱን ብሓንሳብ ይኾ

**٣ ይ መዓልቲ:**

- ሕጂ ውን ወለዲ ብቐጻሊ ምስ ውላዶም እዮም ዝኾኑd
- እቲ ቆልዓ ዝቕበሎ እንተደኣ ኮይኑ ወለዲ ኣብኡ ኣብ ዝህልዉሉ እዋን እቲ ብቐረባ ዝራኸቦ ሰራሕተኛ ገለ ካብቲ ቆልዓ ናይ ምእላይ ዕዮታት ይርከቦ

**٤ ይ መዓልቲ:**

- ወለዲ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ጥቓ ውላዶም ይኾኑ: ግን ዝያዳ ክፍንተቱ ይኽእሉ
- እቲ ቆልዓ ምስ ደቀሰ ወለዲ ካብቲ ጨንፈር መዋእለ-ህጻናት ክኸዱ ይኽእሉ እዮም°
- ኣብ ውሽጢ እዛ መዓልቲ እዚኣ እቶም ብቐረባ ዝረኽቡዎ ሰራሕተኛታት ነቲ ቆልዓ ዝያዳ ሓላፍነት እንዳተሰከሙሉ ይኸዱ

**٥ ይ መዓልቲ:**

- መብዛሕትኡ ግዜ ወለዲ ጥቓ ውላዶም ይኾኑ: ግን ፍንትት ይብሉ
- እቲ ቆልዓ ምስ ደቀሰ ወለዲ ካብቲ ጨንፈር መዋእለ-ህጻናት ክኸዱ ይኽእሉ እዮም
- እቲ ቆልዓ ዝቕበሎ እንተደኣ ኮይኑ ወለዲ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ካብ ጨንፈር መዋእለ-ህጻናት ንሕጽር ዝበለ ግዜ ክወጹ ክሰማምዑ ይኽእሉ እዮም
- እቲ ብቐረባ ምስቲ ቆልዓ ዝራኸብ ሰራሕተኛ እዩ ነቲ ቆልዓ ዝዓበየ ሓላፍነት ዝስከሙሉ።

**እቲ ቆልዓ ድሕሪ ምልምማዱ ዘለዋ ቀዳሞት ሳምንታት ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ንመኽረኩም:**

**እቲ ቆልዓ መጀመርታ ብዘይ ወለዱ ዝኾነሉ ግዜ:**

- ሓጸርቲ መዓልታት: ዝከኣል እንተደኣ ኮይኑ
- ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ህድኣት ዝሰፈኖ ክኸውን:ኣብ ገዛን ኣብ መዋእለ-ህጻናትን

Tigrinja